# 20 ሰነ መዓልቲ ሰውኣት
# ኣብ ከተማ ከለን ብኽብሪ ተዘኪሩ

ኤርትራውያን ተቐማጠ ከለንን ከባቢኣን ብዕለት 20.06.09 ንኻልኣይ ጊዜ ኣብታ ዝሓለፈት ዓመት ብመንእሰያት ማሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን ዝተተኽለት ገረብ ሰውኣት ፡ ንበጃ ህዝብን ሃገርን መሰዋእትነት ዝኸፈሉ ሓርበኛታት ሰማእታት ኤርትራ ብኽብሪ ዘኪሮም ውዒሎም ። ተሳተፍቲ መደብ በቲ ብማ/ኮም ከለንን ከባቢኣን ዝተሰርዐ ኣገባብ መሰረት ብመጀምርያ ብተማሃሮ ማሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን ዝተሰንየ ናይ ሰማእታት መዛሙር እናዘመሩ ፡ ብናይ ሓባር እግሪ ጉዕዞ፡ ብድሕሪ ምኽያድ ፡ ኣብ ገረብ ሰውኣት ምስ በጽሑ ፤ ብሃገራዊ መዝሙር ዝተሰነየ ዝኸረ ሰማእታትን መደብ ከፈትዎ።

ኣቦ ወምበር ማ/ኮም ኣቶ ዓብደላ ኢብራሂም ናይ 20 ሰነ መግለጺ ብድሕሪ ምሃብን ፡ ብተማሃሮ ማሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን "ቅሰኑ ሰማእታትና" ዘርእስታ ዜማ ብድሕሪ ምቕራብን ፡ ተሳተፍቲ መደብ ሓቢሮም ሽምዓታትቶም እናወልዑ ነቶም ንህላዌን ክብርን መንነት ህዝቢ ኤርትራ ክብሉ ህይወቶም ዝበጀዉ ሓርበኛታት፡ መብጽዕኦም ከሕድሱ ከለዉ፡ ኣባላት መንእሰያት ማ/ኮም ድማ ሰውኣትና ቅሰኑ ፡ ሕድርኹም ኣብ ህይወትናን ሕልናናን ኣ እምሮናን ተሰሪጹ'ዩ ፡ መንፈስኩም ናብ ሰማይ ዓሪጉ'ዩ ! ብዝብል ሕልና ናይ ፍቕሮም መግለጺ ባላንችና ንሰማይ ኣዕረጉ።

ሰዒቡ ብኣባላት ሃገራውያን ማሕበራት ከለን ናይ ሰማእታት መልእኽቲ ዝሓዘለ ግጥምታት ብድሕሪ ምቕራብ ድማ፡ ተኻፈልቲ 20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት ኣብቲ ብማ/ኮምን ብጉጅለ መንእሰያትን ተቐሪቡ ዝነበረ ዝተፈላለየ መዳባት ብህዱእን ልዙብን መንፈስ ተሳተፉ።

ኤርትራውያን ተቐማጠ ከለንን ከባቢኣን ከም ወትሩ ኣብ ጎኒ ህዝቡን መንግስቱን ኮይኑ ሓድጊ ሰማእታቱ ንኽየጸሙን ፡ ሓላፍነቱ ንኺይንዝንግዕን ብረዚን ሓላፍነት ቀጻሊ ኣብ ግብሪ ንኽውዕሎ ብምልባውን መብጽዕኡ ብምሕዳስን ፡ መደብ ዝኽረ ሰማእታታት ኣብ ከተማ ከለን ብዓወት ተዛዚመ።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰዉኣትና

ዓወት ንሓፋሽ

ማሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን

(ዕለት 20.06.09)